## ህጹጽ መግለጺ

## ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቨርጂንያ

ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቨርጂንያ - ኩነታት ኤርትራን ከባቢናን ኣንጸላልዩና ዘሎ ሓደገኛ ናይ ህልቀት ኩናትን - ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፣ ሰፊሕ ናይ ልዝብን እንካን ሃባን ኣኼባ ብዕለት 30 ጥሪ 2021 ኣካይዱ።

እቲ ኣኼባ፣ ቅዋም ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ፣ መሪላንድ፣ ቨርጂንያ ምርኩስ ብምግባር፣ ኣብ ህልው ኩነታት ኤርትራን ከባቢናን ፣ ኣብ እቲ ብናህሪ ዝቕጽል ዘሎ ህልቀታዊ ኩናትን ብዕምቆት ዘትዩ። ነቲ ብ14 ሕዳር 2020 ዝገበሮ ገምጋምን ዝወሰዶ መርገጽን ደጊሙ ብምርግጋጽ፣ ነቲ ብልዑል ናህሪ ዝቕጽል ዘሎ ኩናትን፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን፣ መንእሰያቱን ዝወርዶ ዘለዉ ቅዝፈታትን፣ ኣብ ጎረቤት ትግራይ ዝርከቡ፣ ከባቢ 100 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ዝወርድ ዘሎ ኣስካሕካሒ ገበናትን ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሰላማውያን ሲቪላውያን ዝወርድ ዘሎ ዘስካሕክሕ ግፍዕታትን ዘትዩ።

እቲ ፣ ናይ መዓልታት "ሕጊ ንምኽባር" ተባሂሉ ብ 4 ሕዳር 2020 ዝተወለዐ ህልቀታዊ ኩናት፣ ሰለስተ ወርሑ ወዲኡ ፣ ገና ይባራዕን፣ እናንሃረ ይኸይድን ፣ ካብ ቀዳምይ ወፍሪ ናብ ካልኣይ ወፍሪ ተሰጋጊሩ ይርከብ። እቶም ነዚ ህልቀታዊ ኩናት ዝወልዑ መራሕቲ፣ ገና ዓቢ ህልቀት ከወርዱ፣ ዘይሓልዩሉ ሂወት መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶን ኣብ ዘይናቱን ኣብ መጋርያ ጥፍኣት የእትውዎ ኣለዉ። እቲ ሃገረ ኤርትራ ንምዕናውን ፣ ህዝቢ ኤርትራን መንእሰያት ኤርትራን ከጽንትን ለይትን መዓልትን ዝስህር ጉጅለ ኢሳያስ፣ ንህዝቢ ኤርትራን ትሕዝቶ ኤርትራን ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 30 ዓመት ዘብረሶ ከይኣኽሎ ፣ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ፣ ኣብ ናይ ጎረቤት ሃገር ጉዳይ፣ ኣብ ዘይምልከቶ ኩናት ከህልቖን፣ ንዓቕምታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከዕንዎን ህርድግ ይብል ኣሎ። ብተወሳኺ፣ ነቶም ሕሱም ምልካዊ መግዛእቱ ኣስካሕኪሑዎም፣ ክስደዱ ዝተገደዱ ኤርትራውያን፣ ኣብ ቦታ ስደቶም ከቢድ ግፍዕታት ፣ ናይ ቅትለትን፣ መጭወይትን ፣ ኣብ ጥራሕ ጎልጎል ብዘይ ረዲኤትን መግብን ማይን ንኣዋርሕ ከሳቕን፣ ብሓይሊ ንኤርትራ ምውሳድን፣ ስርሖይ ኢሉ ተተሓሒዙዎ ኣሎ። ማሕበረሰብ ዓለም ብሓፈሻ፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ላዕለዋይ ኮሚሽነርን፣ ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኮሚሽንን፣ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፣ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ዘረጋገጽዎ፣ ዘስካሕክሕ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን፣ ጸታዊ ዓመጽን፣ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ሲቪላውያንን ናይ ኩናት ገበንን፣ ገበን ኣብ ልዒሊ ሰብኣውነትን ተፈጺሙ ኣሎ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲን ከቢድ ሓደጋን፣ ኣብ ልዑላውነት ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ዘነጻጸረ እዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ መግለጺኡ ኢሳያስ ፣ - ጉዳይ ኢትዮጲያ ኢድና ኣጣሚርና ኣይንርእዮን ኢና - ኣቢ ኣሕመድ ክመርሓና ምሉእ ስልጣን ሂበዮ ኣሎኹ ክብል ፣ ንመግዛእታዊ ስልጣኑ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራን፣ ሃገር ኤርትራን፣ ልዑላውነታን፣ ክኸፍል፣ ብዘረባ ጥራሕ ዘይኮነስ ብግብሪ ይርእየና ኣሎ። ኣብ መደብ ኢሳያስ፣ ሃገረ ኤርትራን ህዝባን ንመግዛእታዊ ሕልምታትቱ መሳርሒ እምበር፣ ሃገረ-ኤርትራ ፣ ነጻ ልዑላዊ ህዝባ ዝውንና፣ ህዝባ ብሓርነት ዝነብረላ ከምዘይኮነት ብሩህ ኮይኑ ኣሎ።

እዚ መግዛእታዊ ወረራ ኣብ ልዕሊ ልዑላዊት ኤርትራን ህዝባን፣ ብህጹጽ ክመከትን ክፈሽልን፣ ኤርትራውያን ፣ ብሓደ ድምጺን ብናይ ሓባር ስሙር ቅልጽምን፣ ሃገርናን ህዝብናን ንምድሓንን ፣ ልዑላውነት ኤርትራ ንምዕቃብን ፣ ብህጹጽ ንጥለብ ምህላውና ኣኼባ ገምጊሙ። ነዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኣዝዩ ሓደገኛ ህልቀታዊ ኩናት ብኣድማዒ መንገዲ ንምግጣም እዞም ዝስዕቡ ስጉምታት ክውሰዱ ድማ ወሲኑ፦

1. ኣንጻር ምልካዊ መግዛእቲ ክካየድ ዝጸንሐን ዝካየድ ዘሎን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፣ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መድረኽ ተሰጋጊሩ፣ ናይ ህልውናን፣ ናይ ድሕነትን፣ ናይ ልዑላውነት ምዕቃብን ቃልስ ምዃኑ ብምንጻር ብዕቱብ ክንገጥሞ።
2. ነቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ወሪዱ ዘሎ ሓደጋ ንምግጣም፣ ሓድነትን ጥርናፈን መላእ ኤርትራውያን፣ ወሳኒ ብምዃኑ፣ መላእ ደምበ ፍትሒን፣ ኹሎም ተቓልሰቲ ንፍትሕን ፣ ብስሙር ሓደ ድምጺ ክዛረቡን፣ ብናይ ሓባር ድልዱል ቅልጽም መደባት ድሕነት ሃገር ክትግብሩን፣ ኣዝዩ ህጹጽ ጉዳይ እዩ።
3. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል፣ ከም ኩሉ ሓቆፍ ሃገራዊ መቓለሲ ምድልዳልን። ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ብደረጃ ከተማ፣ ብደርጃ ሃገር፣ በደረጃ ዓለም ባይቶታቱ ብምድልዳል ኣብ ስራሕ ክንኣቱ።
4. ኣብ ሓጺር እዋን ፣ ናይ ሓባር ሃገራዊ ናይ ድሕነትን ልዑላውነትን ግምባር ብምፍጣር፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራን ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ክዓስሎን ክውንኖን ከዐውቶን ብዕቱብ ክንሰርሕ። ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪክ ማሕበራትን፣ ማሕበረሰባትን ፣ ናይ ሞያ ትካላትን፣ ኣብ ሓደ መኣዲ ብሓባር ኣብ ድሕነት ሃገርን ህዝብን፣ ኣብ ምዕቃብ ልዑላውነትን ብኣድማዕን ንጡፍን ኣገባብ ክዋስኡ።
5. ናይ ሓባር ግምባር ፣ ብሓደ ድምጺ ክዛረብን፣ ብስሙር ቅልጽም ብህጹጽ ኣብ ስራሕ ክኣቱን፣ ድሕነት ሃገርን ህዝብን፣ ምዕቃብ ልዑላውነት ኤርትራን ንምዕዋት ዘኽእል፣ ኣብ ኩሉ ዓውድታት (ዲፕሎማሲ፣ ሚድያ፣ ፋይናንስ፣ ካልእ ግብራዊ መደባትን... ወዘተ) ብቑዕ መደብን ስትራተጂን፣ ብህጹጽ ከነዳሉን ክንትግብርን። ብስም ኤርትራውያን ዝዛረብ፣ ምሉእ መዝነት ዘለዎ ወኪል ክህልወና፣
6. ኩሎም ኣብ ንነብረሉ ሃገራትን፣ ኣብ ዞናናን፣ ኣብ ዓለምን ዝርከቡ ፣ ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ልዑላዊት ኤርትራን ዝድግፉን ፣ ፍትሓዊ ቃልሲ ኣብ ምክያድ ዝርከቡ ህዝብታት፣ ማሕበረሰባት፣ ሃገራት፣ ዓለምለኻዊ ትካላት ድልዱልን ኣድማዕን ዝምድናታት ምፍጣርን፣ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ክንተሓጋገዝ፣
7. ገበነኛታት ኩናትን፣ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ዝፈጸሙን ዝፍጽሙ ዘለዉን፣ ኣብ ቅድሚ ዓለምለኻዊ ሕጊ ፣ ናብ ፍርዲ ንምቕራብ፣ ምስ ኩሎም ዓለምለኻዊ ትካላትን፣ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን፣ መንግስታትን ብምትሕብባር ክንሰርሕ፣
8. ብቕልጡፍ ህዝባዊ ግብራዊ መደባት፣ ሰልፍታትን፣ ኣብያ/ፕሮተስትን፣ ካልእ ንጥፈታትን፣ ብኣድማዊ መንገዲ ክንውድብን ክንትግብርን ንጽውዕ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መድረኻት ቃልሲ፣ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ ልዑላውነት ሃገሩ ኣረጋጊጹ እዩ። ኣብዚ ሓደገኛ መድረኽ እዚ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብነጻ ተጠርኒፉ፣ ሃገሩን ህዝቡን ንምድሓንን ልዑላውነቱ ንምዕቃብን ይቃለስ ኣሎ። እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው ዓበይቲ ነጥብታት ንምዕዋት፣ ብዘይ ውዓል ሕደር፣ ስጉምታት ክውሰዱ፣ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቨርጂንያ ብትሪ ንጠልብ። ካብ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቨርጂንያ ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ብቕልጡፍ ክንትግብር ቅሩባት ምዃና ድማ ነረጋግጽ።

**ነጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ንዘለኣለም ትንበር**
**ፍትሓውን ዲሞክራስያውን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት እዩ**
**ህልቀታውያን ገበነኛታት ኩናት ናብ ዓለምለኻዊ ቤትፍርዲ**
**ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ስዉኣትና**

**ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቨርጂንያ**
**30 ጥሪ 2021**